# መንእሰያት ቅ. ሚካኤል ከረን ናብ
## ንግደት ሔቦ

መንእሰያት ርእሰ ኣድባራት ደብረ ቅ. ሚካኤል ከረን፣ ብምኽንያት ናይ 150 ዓ መት ኢዮቤል ዝክሪ ሞቶም፣ ናይ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ብምግባር፣ ካብ 29-30 ናይ ወርሒ ሰነ 2010 ንግደት ንሔቦ ጌሮም።



መንእሰያት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፣ ብቆሞስ ኣባ መርሃዊ ሃብታይ ተሰንዮም፣ ብሰሉስ 29 ሰኔ 2010፣ ካብ ከረን ሰዓት 7፡00 ቅ.ቀ ተበጊሶም፣ ብጸሎትን መዛሙርን እናገበሩ፣ ብህዱእ ጕዕዞ ከባቢ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ ብሰላም ናብ ሔቦ ኣትዮም። ኣብ ሔቦ ድሕሪ ምእታው ብካህናት ማሕበር ልኡካን ጽቡቐ ኣቀባብላ፣ ድሕሪ ተጌርሎም፣ ናብቲ ዝተሰናደወሎም መዕረፊ ኣትዮም።

ሰሉስ ምሸት ሰዓት 6፡00 ድ.ቀ ጸሎተ መቍጸርያ ድሕሪ ጌሮም፣ ሰዓት 8፡00 ድራር ተደሪሮም። ድሕሪ ድራር፣ መንእሰያት ር/ኣድባራት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፣ "ዕላል ምስ ካህናት ማሕበር ልኡካን፣ ብዛዕባ ሕይወት ኣቡነ ያዕቆብ" ብዝብል መደብ ብቡንን ሻህን ዝተሰነየ ግሩም ወግዒ ጌሮም። እቲ ዕላል ነዊሕ ጊዜ ዝወሰደ ኮይኑ፣ መንእሰያት ብዝግባእ ንታሪኽ ሕይወት ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ፣ ከምኡውን ነቲ ዝገብረዎ ስብከተ ወንጌል ኣብ ምድሪ ሓበሻ፣ ንጹር ሓበሬታ ካብ ካህናት ማ. ልኡካን ክረኽቡ ኪኢሎም እዮም። ልዕሊ ኵሉ፣ ዝመሰጦም ብዛዕባ ናይ ኣቡነ ያዕቆብ፣ እቲ ኣብ ቤተ ክርስትያን ተዓቂቡ ዘሎ፣ ዓጽሞም ብሓቂ ብዝምስጥ ኣገባብ ተዓቂቡ ምህላዉ እዩ።

ረቡዕ 30 ሰነ 2010 መንእሰያት ሰዓት 6፡00 ቅ.ቀ ድሕሪ ነቂሖም፣ ቅዳሴ ብኣባ መርሃዊ ተመሪሖም፣ ኣብ መንበረ ታቦት፣ ናይ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ፣ ኣዕሪፎምሉ ዘለዉ፣ ኣቀዲሶም። ድሕሪ ቅዳሴ ብመዝሙርን ሸብሸቦን መንፈሳዊ ምስጋና ብምቕራብ፣ ጸሎቶም ጌሮም።

ኣብ ሔቦ ድሕሪ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ፣ ክትርእዮምን፣ ክትበጽሖምን እትምነ ናይቶም ኣብ መካነ ሓልዮት ዝርከቡ፣ ዘሽትም ቆልዑ እዩ። መንእሰያት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፣ ብኽቡር መጋቢ ገዳም ኣባ ተስፋልደት ተመሪሖም ናብቲ መካነ ሓልዮት ድሕሪ ምእታው፣ ብሓቂ መካነ ሓልዮት ምኻኑ ተረዲኦም።

እቶም ቆልዑ፣ ኣዴታቶም ዝመትኦም፣ ካብ ወዲ ሓደ መዓልቲ ክሳብ ወዲ ወርሒ እንከለዉ ዝኣትዉ ኮይኖም፣ ብደናግል ደቂ ፍቕርን፣ ከምኡውን ብካህናት

ማ. ላዛርስቲ ዝእለዩ እዮም። እቲ ዝግበረሎም ክንክን፡ ካብ ወለዶም ንላዕሊ፡ ድኣ እንበር ካብኡ ዝትሕት ከምዘይኮነ፡ ኣብ ኣካላቶምን ጥዕኖኦምን እዩ፡ ዝርኤ።

መንእሰያት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፡ ኣብ ውሽጦም ዓቢይ መንፈሳዊ ስምዒት እዩ ኣሕዲርሎም፡ ብመንገዶም ከኣ ሞራላውን ገንዘባዉን ደገፎም ኣበርኪቶም። ንጽጉም ምሕጋዝ ዝብል መንፈስ ከኣ ብግብሪ ተማሂሮምን፡ ርእዮምን። ነተን ለይትን መዓልትን ዝኣልያ ደንግልን ኣዴታትን ከኣ፡ በቲ ኣብቶም ቆልዑ ዘለወን ፍቕሪ፡ ብምድናቕ እግዚኣብሔር ኃይልን ክእለትን ክህበን ኣብ ጸሎቶም ከምዝዝክርወን ኣረጋጊጾምለን።

ኣብ መወዳእታ፡ መንእሰያት ካብቲ ዝተጸበይዎ ንላዕሊ፡ ርእዮምን ተማሂሮም፡ ንእግዚኣብሔር ብምምስጋን፡ ብሰላም ናብ ዓዶም ተመሊሶም።

ጸሎትን ኣማልድነትን ናይ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ንሃገርና ሰላም ራህዋ፡ ጠልን ይግበረልና። ኣሜን

ኣባ መርሃዊ ሃብታይ
ቆሞስ ር/ኣድባራት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን

